# ጅግንነት ዝወረሰ ዋርሳይ፥

*ጀጋኑ እንተዘይነብሩ ጅግንነት’ዶ ምተወርሰ፥*
***ዋርሳይ** ካብ ማህጸን ሕማቓት እንታይ ምወረሰ፥*
*ሳላ ካብ ጀጋኑ ዝተወልደ’ዩ ጅግንነት ዝወረሰ።*

*ኣሎንዶ ካብ ጅግና ተወሊዱ ዝተረፈ ተረምሱ፥*
***ዋርሳይ** ግን ጅግና ስለ ዝኾነ’ዩ ጅግንነት ወሪሱ፥*
*ሃገር ዘድሓነ ቀይሕ ደሙ ኣፍሲሱ።*

***ዋርሳይ** ክውረስ ዘለዎ ኩሉ ዝወረሰ፥*
*ባህሉን ልምዱን ብማዕረ ክይሓዋወሰ፥*
*ቅያ ዝሰርሔ ልቢ ህዝቢ ዘረስረሰ።*

***ንዋርሳይ** ዋርሳይ ዝብል ስም ዝተዋህቦ፥*
*ብጋጣሚ ወይ ሃንደበት ኣይኮነን ብተረከቦ፥*
*ጾር ስለ ዝተሰከመ’ዩ ህዝቡ ዝሃቦ።*

*ክንደይ መንእሰይ ኣሎን’ዶ ኣብዛ ዓለም፥*
*ዘይተማህረን ተማሂሩ ዝሰተ ቀለም፥*
*ከም **ዋርሳይ** ግን የለን ዘዛረበ ዓለም።*

*ቅሰን ይካኣሎ **ዋርሳይ** ጾርካ ተቐቢሉካ ኣሎ፥*
*ሰፊሕ ልቡ ዘይብሉ ጎደሎ፥*
*ጻላእቱ ዕርዶም ዘፍርስ ድሎ ብድሎ፥*

*ነባሪ ዝኸሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋ*
*ገብረንጉስ መስመር*